# ሓፈሻዊ መኸተ– ኩሉ ሽወደናዊ ብሓባር



ሽሕ’ኳ ሽወደን ካብ ካልኦት ሃገራት ዝበለጸት ውሕስቲ እንተኾነት ኣብ ድሕንነትናን ናጽነትናን ዘንጸላለው ሓደጋትን ስግኣታትን ኣለው፡፡ ናይ ሽወደን ድምራዊ መኸተ እታ ሃገር፣ ናጽነትናት መሰልናን ከምዝመረጽናዮ ክሕልውን ክምክትን ኣለዎ፡፡ ሽወደን ኣብ ሓደጋ ምስእትወድቕ ዕዮ ክህልወና እዩ፡፡

## ሓፈሻዊ መኸተ

ሓፈሻዊ መኸተ ንኩናት ንምድላው ዘድልዩ ኩሎም ንጥፈታት የካትት፡፡ ሲቪላዊ መኸተ ናይ ኩሉ ኮም ንኩናትን ንናይ ኩናት ሓደጋን ዘለዎ ግንዛበ እዩ፡፡

## ከፍርሓና ዝኽእል እንታይ እዩ፧

ፖለቲካዊ ኩነታት ሽወደን ቀጥታዊ ዘፈር ኮይኑ ብኣንጻር ድሕነት ኣብ ቀረባ እዋን ይጋደድ እዩ ዘሎ፡፡ ብዓለም ደረጃ እቲ ኩነታት ዝተረጋገዐ ኣይኮነን፡፡

ኣብ ከባቢ ባልቲክ ባሕሪ ወይ ኣብ ዝተረፈ ክፋል ኤውሮጳ ከጋጥም ዝኽእል ናይ ፖሊሲ ቅልውላው ወይ ዕጥቃዊ ጎንጺ ክጸልዋ ግድን እዩ፡፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ብቀጥታ ኣብ ሽወደን ዘቕነዐ ወታሃደራዊ ሓይሊ ወይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስግኣት ኣይህሉን ክበሃል ኣይክእልን፡፡ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘቕነዐ ዕጥቃዊ መጥቃዕቲ ወይ ካልኦት ናይ ኩናት ተግባራት ንምክልኻል ሓበራዊ መኸተ የድሊ፡፡

## ሲቪላዊ መኸተ

ህዝባዊ መኸተ ብናይ ስቴት ሰብ መዚ፣ ምምሕዳራት ከተማ፣ ክልላት፣ ናይ ውልቀ ኩባንያታት ወለንታውያንን ትካላትን ኣቢሉ እቲ ህዝቢ ንምሕላው ዝውገኑ ስራሕእዮም፤በዚ ድማ ንበኣነት ናይ ጥዕና ክንክንን ናየ ትራንስፖርት ስራሕትን ይውገኑ፡፡ እቲ ሲቪላዊ መኸተ ንFörsvarsmakten (እቶም ዕሩቓት ሓይልታት) ዝድግፍ ክኸውን ኣለዎ፡፡

## ወታሃደራዊ መኸተ

እቲ ወታሃደራዊ መኸተ FörsvarsmaktenንHemvärnet (እቲ ሓላዊ ሃገር) ከምኡ እውን ብዙሓት ሰብ መዚታት ዘካተት እዩ፡፡ Försvarsmakten ግዝኣትናን ናይ ሽወደን ግዝኣትን ይከላኸል፡፡

## ንሕና እንምክቶ እንታይ እዩ፧

ናይ ሃገርና ዶብ ኣይኮነን ንሕልው፤ እኳ ድኣስ ኣብ ማሕበረሰብና ዘለው ኩሎም ጸጋታት እምበር፡፡ ሰብኣዊ ሰመል፣ ሓሳብ ናይ ምግላጽ ናጽነትን ዴሞክራስን እውን ክንሕልው ኣለና፡፡

ኣብ ዝቕጽል ገጽ ኩናት ወይ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ብዛዕባ ዝህልወካ ግደ ዝበለጸ ክተንብብ ትኽእል፡፡




Myndigheten för samhällsskydd och beredskap

## ናይቲ ሓፈሻዊ መኸተ ኣካል ኢኻ

ኣብ ሽወደን ሓፈሻዊ ናይ መጎተ ግዴታ ኣሎና፡፡ እዚ ማለት ኲናት ወይ ስግኣት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ኩሉ ዕድሚኡ ካብ 16 ክሳብ 70 ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ንክሕግዝ ጻውዒት ክግበረሉ ይኽእል፡፡ ኣብ ትራንስፖርት ምግናሕ፣ ኣብ ክንክን ጥዕና፣ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ ወይ ካልእ ኣብ ዝኽእሎ ኣብ ማሕበረሰብ ኣበርክቶ ምግባር ክኸውን ይኽእል፡፡

ኣብ ዝኾነ ነቲ ማሕበረሰብ ዝጠቀም ትሰርሕ ምስእትህሉ ከምቲ ልሙድ ናብ ስራሕ ምኻድካ ትቕጽል፡፡ ኩሉ ኣበርክቶ ንክገብር ትጽቢት ይግበረሉ፤ ኩሉ ድማ ይደለ እዩ፡፡

## ማሕበሰረብ ከም ወትሩ ከይሰርሐ ክተርፍ እንከሎ



ስለዝውዕል ስሩዕ ኣገልግሎት ብጣዕሚ ዝተገደበ እዩ ዝኸውን፡፡ ኣገድስቲ ኣገልግሎታት ዘይክሰርሑ፣ መደብራት ባዶ ክኾኑ ይኽእሊ፣ መድሓኒታት ምርካብ እውን ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ናይ IT መጥቃዕታት ናይ ኤሌክትሪክ ቀረብን ናይ ሞባይል ኔትዎርክን ክነድኡ ከቋርጹ ይኽእሉ ፡፡ እቲ ማሕበረሰብ ከምቲ ቅድም ክብል ዝነበረ ኣብ ስራሕ ምስዘይህሉ ኣብ ቀረባኹም ዘሎው ሰባት ብከመይ እቲ ኩነታት ክለምዱ ከምዘለዎም ሕሰብ፡፡

## ክንደየናይ ድልዋት ኢኹም፧

ከቢድ ፀገም ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ንሒደት መዓልትታት፡ ክሳዕ ሰሙን ወይ ልዕሊኡ ዓርስኹም ክኢልኩም ክትኽእሉ ኣለኩም፡፡ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር መግቢ፡ ዝስተይ ማይ፡ ሙቐትን ኣገዳሲ መረዳእታ ንምርካብ ትኽእልሉ ዕድል ክህልወኩም ይግባእ፡፡ እንተድኣ ተዳሊኹም እታ ሃገር ካብ ከቢድ ፀገም ብዝሓሸ መልክዑ ንክትወፅእ ትሕግዙ ኣለኹም፡፡

## ኣብ ኣገደስቲ መረዳእታታት ተሳተፉ

ኣብ ከቢድ ኩነታት ካብ ሰበስልጣን ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ምርካብን ናይ መራኸብቲ ሓፋሽ ሪፖርት ክትረኽቡ ትኽእሉ ይግባእ፡፡ ብዘይካ ሓይሊ መብራህቲ ዝሰርሕ ሬድዮ ከም ዘለኩም ኣረጋግፁ፡፡ ንሰቨርጂ ሬድዮ ፒ4 ኣዳምፁ ወይ ሰቨርጂ ቴሌቭዥን ረኣዩ፡፡ ኣብ ከቢድ እዋን ሓዊሱ ኣገደስቲ ዝኾኑ ህዝባዊ መረዳእታታት ከመሓላልፉ እዩ፡፡

## ናይ ሓሶት መረዳእታ ተጠንቀቑ

ኣብ እዋን ኲናት ወይ ናይ ኲናት ስግኣት ኣብ ዝህልወሉ እዋን ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳን ናይ ሓሶት መረዳእታ ይስፋሕፋሕ እዩ፡፡ ሃገራትን ትካላትን ሕጂ እውን ዘለና መትከልን ብኸመይ ከም እንትግብሮም ፅልዋ ንምሕዳር ግጉይ መረዳእታ ይፍንው እዮም፡፡ ፍልፍልኩም ትኹረትን ጥንቃቐን ግበሩ፡፡ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ እንታይ ዓይነት መረዳእታ ከም እተካፍሉ ሕሰቡ፡፡

## ብናይ ዓርስኹም መንገዲ ተሳተፉ

ብተወሳኺ ኣበርክቶ ክትገብሩ እንተድኣ ደሊኹም ወለንታዊ መኸተ ትካል ክትጽንበሩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ እዚ ትካል ኣብ ከቢድ እዋን ወይ ኲናት ፍሉይ ተልእኾ ዘለዎ እዩ፡፡ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ክትመርፅዎም እትኽእሉ ትካላት ኣለው፡፡ ተወሳኺ ኣብ msb.se/ffo ኣንብቡ፡፡

ብተወሳኺ እውን ኣብ እትነብርሉ ከባቢ፡ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ስራሕ ቦታ ወይ ኣብ ገለገለ ካልኦት ኩነታት ናይ ዓርስኹም ዓርሰ ተበግሶ ምውሳድ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

### ፍልፍልኩም ብጥንቃቐ ረኣዩ

- ሓቂ ወይ ርኢቶታት እዮም፧
- ናይቲ መረዳእታ ዕላማ እንታይ እዩ፧
- እቲ ፍልፍል እሙን ድዩ፧
- እዚ መረዳእታ ኣብ ካሊእ ምርካብ ይከኣልዶ፧
- ሓድሽ ወይ ዝፀንሐ መረዳእታ ድዩ እንተድኣ ኮይኑኸ ንምንታይ ሕጂ ቀሪቡ፧



Publ.nr: MSB2063 - september 2022

Myndigheten för samhällsskydd och beredskap